# ና ይ ሓ ዘ ን መ ግ ለ ጺ



መርድእ ዕረፍቲ ናይ  ኣባ ሓይልኣብ  ኪዳነማርያም ሰሚዕና ብዙሕ  ሓዚንና ። መንግስተ ሰማይት የዋርሶም  ።
ሌላና ምስ ኣባ ሓይልኣብ  ኣብ ካቶሊካዊት  ቤተክርስትያን ኣብ ከሰላ  ሱዳን  ፡ ኣብ 1979 እዩ ። ኣባ ሓይልኣብን ፣ ኣባ ተስፋዝግን ብዙሓት ደናግልን ፡ ነዛ ቤትክርስትያን ፡ተቐባሊት ድኹማትን  ጽሙኣትን ጥሙያትን ፡ኣደዳ ስደት ናይ ዝኾኑ ብዙሕት ኣርትራውያን ጽላል ገበርዋ ። መጸለዪት ፣ መጽለሊት ፣ መራኸቢትን  ፡ ቤት ቡስጣን ( ፖስት ኦፊስ ) ፣  ንኹሎም ኣርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከሰላ  ኰይና ። እዚ ኩሉ ርሕራሔን ሓልዮት ህዝብን ናይ ኣባ ሓይለኣብ እዩ ።

ኣባ ሓይለኣብ ብጣዕሚ ለውህን  ሕያዋይን ኢዮም ዝነበሩ። ጸገም ህዝቦም ንምቕላል ብዙሕ ይጽዕሩ ነይሮም ።

ኤርትራውያን ኣብ ከሰላ ምስ ኣተዉ ቀዳማይ ጸገሞም ናይ ደቆም ትምህርቲ ስእነት ነበረ ። ንእዚ ጸገም ንምፍታሕ ፡ ኣባ ሓይልኣብ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኣኤርትራ ብምትሕግጋዝ ፡  ቤት ትምህርቲ ከፊቶም  ስለ ዝነበሩ ደቀይ ኣብኡ ክመሃሩ ጸንሑኒ ፡ ኣነውን  ኣብኡ ተቘጺረ ስድራይ ይዕንግል ነበርኩ ።

ሰንበትሰንበት ኣባ ሓይልኣብ  ቅዳሴኦምን ጸሎቶምን ምስ ወድኡ ፡   ንክርስትያን ኣመንቲ ወንገላውያን (ከንሻ ) ኣሕዋቶም ፣ ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ፣ንክጽልዩ  ተፈቒድሎም ርእየ ።  መንገዲ ሰላምን ፍቕርን ምክብባርን ዝመርሕ ተግባር ንመጀመርያ ግዜ ኣብዛ ቤተክርስትያን ክትግበር ኣስተውዓልኩ፡ ብልበይ ን ኣባ ሓይልኣብ ኣድነቕክዋም ።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ካልእ ሃገር ንዘሎ ቤተ ሰቡ ኣድራሻ ናዛ ቤተ ክርስትያን ገይሩ እዩ ዝራኸብ ዝነበረ ። ኣስማት  ናይ  መልእኽቲ ዝመጾም ሰባት ኣብቲ ናይ ምልክታ ሰሌዳ ይጸሓፍ ነበረ ። ዓቢ ሓገዝ ንስደተኛ ።

ኣባ ተስፋዝጊ ፣ኣቐዲሞም ዓሪፎም ኢዮም ፡ መንግስተሰማይ የዋርሶም ።  ናይ ቋንቋ ዓረብ ፍልየጠት ስለ ዝነበሮም ኣብ ናይ ፖሊስ ዝርከብ ዝነበረ ናይ ህዝብና ጸገማት ከም  ናይ ተስሪሕ ናይ ይህለፍ ፍቓድ ኣብ ምስላጥ ተወሳኺ ሓገዝ የበርክቱ ነይሮም ።

እዚ ተዘክሮን  ምስጋናን  ናይ በዓልቲ ቤተይ ቦፍታ ዕቊባክርስቶስ ምስ ኩሎም ደቀይ እዩ ።

ን ኣባ ሓይለኣብ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ።
ን ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ብመንፈስ ውልዳቶምን ጽንዓት ይሃቦም ።

መም  ሰመረ ወልደኣብ
ጀርመን